ቀዳማይ ቅሉዕ መልእኽቲ ግዱሳት ኣባላት ማእከላይ መሪሕነትን መሰረታትን ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ

<u>መትከልን ኣባላትን ይከበሩ</u>

እዚ ቀዳማይ ቅሉዕ መልእኽቲ መሪሕነት ሰልፊ ሕዳሴ ኤርትራ ንፍትሒ እዩ

ኩላትና ከም እንፈልጦ ካብ ዕለት 13 ወርሒ 7 2024 ሃንደበታዊ መግለጺ ብስም ግዝያዊ መሪሕነት ዝወጸ ጽሑፍ: ኣቦ-ወንበር ሰልፍን ኣቦ-ወንበር ማእከላይ መሪሕነትን ካብ መዝነትኩም ኣውሪድናኩም ዝትሕዝቶኡ ጽሑፍ ንሰልፊ ኣብ ከቢድ ናይ ምፍንጫል ኩነታት ኣእትዩዎ ይርከብ። ጠንቂ ናይ'ዚ ጸገም ኸኣ ብዕለት 25 ግንቦት 2024 ብሓላፊ ወጻኢ ጉዳያት ሓው ኣቶ መሓመድ ኢማም ኣብ መርበር ራዲዮ ኤስ-ቢ-ሲ ኣውስትራሊያ ዝገበሮ ቃል-መሐትት ኔሩ።

ብተደጋጋሚ ኣባላት መሪሕነት ኣኼባ ሓቲቶም ከም እተሓረሞም ኢና ፈሊጥና። ቀጺሉ'ውን ኣባላት ከይተረፍና ቅድሚ እዚ ኩነታት እዚ ምምጽኡ፤ መሪሕነት ኣኼባ ክኣቱ ኣለዎ ኢልና ተላቢና ኔርና ኢና። ሕጂ'ውን እዚ ስቅታ ጥራይ ዘይኮነ፤ ክብረትን ፖለቲካዊ ብልሓትን ሓላፍነትን ዝጎደሎ መስርሕ ይቕጽል ኣሎ ዝብል እምነት ኢና ኣጽኒሕና።

ሰልፍና ብመሪሕነቱን መሰረታቱን ኣብ ዝሓለፈ ራብዓይ ጉባኤኡ ምስ ኩሉ ጸገማቱ ተዓዊቱ ወጺኡ ዝብል እምነት እዩ ነይሩና፤ ነገር ግን እቲ ጸገማትን ጠንቅታቱን በዓል መን ከም ዝኾኑ ኣይነልጥን ኔርና ማለት ኣይኮነን፤ ነገር ግን ንኣምኖም መሪሕነት መሪጽና ኢልና ቀሲንና ጸኒሕና።

ኣብ'ዚ እዋን እዚ ግን እቲ ዝተዋህቦም ኣማና ኩሎም ኣባላት ማእከላይ መሪሕነት ኢልና ዝመረጽናዮም፤ እምነት ወይ ትብዓት ወይ ሕልና ድዩ ጎዲሉዋም፤ ወይ ከኣ ኩሎም ኣብ ሓደ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ዝተጸምዱ እዮም ዝብል ሕቶ ከየሻቕለና ኣይተረፈን። ንምንታይ'ሲ ድሕሪ'ዚ ኩነታት'ውን ስዒቦም ዘስተበሃልናሎም ነገራት ስለ ዘለዉ እዮም።

እቶም ነገራት

<u>ሓደ</u>: ጠንቂ ናይ'ቲ ሽግር ዝነበረን ነዚ ጉዳይ ኣብ ጸገም ዘእተወን እቲ ቃለ-መጠይቕ ናይ ሕላፊ ወጻኢ ዝምድናታት እዩ ኔሩ። መሪሕነት ነዚ ጉዳይ ብውደባዊ ይኹን ብፖለቲካዊ መልክዑ ብከመይ ገምጊሙዎን ስጋብ ሕጂ ዝተዋሃበና መብርሂታት የለን። እታ ሓንቲ ዝተሓበረትና፤ ካብ መዝነቱ ወሪዱ ኣሎ እትብል ጥራይ እያ ነይራ። ናትና ትጽቢት ግን ካብ መዝነቱ ወሪዱ ጥራይ ዘይኮነስ፤ ማእከላይ መሪሕነት ተኣኪቡ ምስ'ቲ ክብደት ናይቲ ጥሕሰት ምስ መትከላትና ዘይጻረር ዝተመጣጠነ ሕገ-ህንጻ ሰልፊ መሰረት ዝገበረ ውሳኔ ክውሰድ እዩ ኔሩ። ብኣንጻሩ ግን ንዓናን ንመላእ ደምበ-ተቓውሞን ዘሰምበደን መልሲ እዩ ተዋሂቡሉ። ይኹን እምበር ብማእከላይ መሪሕነት ይኹን ብፈጻሚት ኣካል ብኸመይ ተራእዩን ተገምጊሙን፤ እዚ ውሳኔ እኹልን ትሩፍን ተባሂሉ ስጋብ ሕጂ ክቕጽል ዝገበሮ ምኽንያት፤ ማእከላይ መሪሕነት ዝኾነ ዓይነት መረዳእታ ኣይበጸሓናን።

<u>ክልተ</u>: ናይ መትከል ፍልልይ ከምዘሎ እዩ በቲ ሓደ ሸነኽ ተጋሂዱ፤ ሰልፊ ዝተመስረተሎም ዕላማታትን ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ኣብ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮኡ ዘስፈሮም ውሳኔታት ጉባኤታቱ ከም እተጣሕሰ እዮም ገሊጾም። ካብ'ዞም ጉዳያት ዝተላዕሉ፤ ሓደ እቲ ሕቶ ሕብረተሰብ ጀበርቲ እዩ ኔሩ። ሕብረተሰብ ጀበርቲ ከም ነብሱ ዝኽኣለ ብሄር እዚ ሰልፊ ኣሚኑ፤ ንመሰላቱ ኸኣ ከም ኩሎም ሕጋውያን መሰላትን ፍትሓዊ ሕቶታትን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ክቃለሰሎም ዝተበገሰ ሰልፊ እዩ ነይሩ። እምበኣከስ እዚ እቲ ብኣቦ-ወንበር ሰልፊ ዝተባህለ እዚ ሰልፊ ካብ ጉጉይ ጥንሲ እዩ ተበጊሱ ኔሩ ዝብል ኩላትና ሰሚዕናዮ ኢና። ቀጺሉ'ውን ብተደግጋሚ ካብ'ዚ ሕቶ እዚ ብምብጋስ ክዋሃብ ዝጸንሐ መልሲ፤ ካብ ሕጂ ንንዮ ሰልፍና እዚ ጉዳይ ከም ዘይምልከቶን ሓገራዊ ውድብ ሙኻኑ፤ እዚ ጉዳይ በቃ ከም ዘዐወትናዮን፤ ካብ ሕጂ ንንዮው ኣብ ጉዳይ ሃገርና ኢና ክንቃላስ ዝብሉ መልስታት ካብ ኣቦ-ወንበር ሰልፊ ይኹን ኣባላት መሪሕነት ሰልፊ ብመንገዲ መራኸቢ

ብዙሃን ክምልሱ ሰሚዕና ኢና። እዚ ኸኣ ነቲ ዋና መሰለፊናን መመስረቲ ሰልፍናን ክሳዕ ሕጂ ብጽንዓት ናይ መቃለሲናን ምኻኑ ኢና ንኣምን። ናይ'ዚ መሪሕነት እምነት እንታይ ከምዝኾነ ስጋብ ሕጂ ኣብ ኣኼባ ከብርሆ ኣይከኣለን።

<u>ሰለስተ:</u> ካብቲ ስርዓት ንዘሎና ርሕቀት ብዝምልከት ዝተዋህበ መብሪሂ

ነዚ ምስክርነት ዝገበረ ቃለ-መጠይቕ ናይ ሓላፊ ወጻኢ ዝምድናታት ሓው ኣቶ መሓመድ ኢማም ክኸውን ከሎ፤ ብተወሳኺ ግን ምስ መሪሕነት ህግደፍ ኣብ ኣውስትራሊያ ዝተራኸቡ ኣባላት መሪሕነት ሰልፍና ከምዘለዉ ተገሊጹ። ክልት ግዜ ተገሊጹ ከብቅዕ ኣብ እዋኑን ቦቱኡን መልሲ ከይተዋህቦም ብምጽነሖም ጥራይ ከይተርፍ ይቕጽል ብምህላዉ እዩ። ኣብ'ቲ ርክብ ናይ መርበብ ሓባራዊ-ንቕሓት ዝተገበረ ምልልስ፤ ኣባል መሪሕነት ኣቶ ኸሊል ከም ዝኣመኑሉን ብዛዕቡኡ እኹል ሓበሬታ ከምዘሎዋን ባዕሊ ዝመስከሮን ጉዳይ ኔሩ ማለት እዩ። ቀጺሉ ኣብ መጠረሽታ ናይ ዝሓለፈ ወርሒ ኣቦ-ወንበር ምእከላይ መሪሕነት ኣብ መርበብ ኣዱሊስ ዝገበሮ ቃለ-መጠይቕ ብንጹር ሕቶ ጠንቂ ናይ'ዚ ጸገም እቲ ሓላፊ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ኣብ ዳስ ስርዓት ህግደፍ ምርካቡን ከምኡውን ተደጋጋሚ ርክባት ምስ ቆንስላዊ ቤት-ጽሕፈት ምግባሩ ዝብል ንጹር ሕቶ መልሲ ከይረኸበ ትጎስዩ ብምሕላፉ እምበኣር ሓቂ እንተዘከውን'ሲ ጉቡእ መልሲ ምተዋህቦ ኔሩ ዝብል እምምነት ኣሎና፤ ንምንታይ'ሲ እቲ ሓታቲ ተቐማጢ ኣውስትራሊያ መልበርን ብምኻኑ እቶ ጀማል ሁመድ እኹል ሓበሬታ ዝውንን ፍሉጥ ጋዜጠኛ እዩ። እዚ ምስ'ቲ ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ክንግንዘቦም ዝጸናሕና ብፍላይ ከኣ ኣብ መርበብ ጀበርቲ ኔትዎርክ ኣቦ ወንበር ሰልፊ ዝተረኸበሉ መጋባኢያ፤ ዓድኹም ግዳ ዘይትኣትዉ ዝብል ጎስጋስ ከምኡታት ዝኣመሰሉ ቡዙሓት ጉዳያት ኣለዉ። እንታይ እዩ ተቐይሩ ዘሎ ኣብ ዕላማና፤ ከም'ቲ ናይቲ ሕደ ሸነኽ ኣሕዋትና ዝብሉዎ ዘለዉ ድዩስ፤ ወይ ከኣ ኣባል ኣየስተባህልን ኣይከታተልን ኣይርዳእን ኢልካ እዩ ሱቕታ ተመሪጹ ዘሎ።

<u>ኣርባዕተ</u>: ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ማእከላይ መሪሕነት ኣኼባ ኣብ ክልተ መዓልቲ ኣካይዱ ዝብል ኣዋጅ ሰሚዕና። ኣብ ክልተ መዓልቲ ዝተወደኤ ኣኼባ እንታይ ዓይነት ኣኼባ እዩ ኔሩ፤ እቶም ቀንዲ ቀውስታት ናይ'ቲ ሰልፊ ተዘትዩሎም ድዩ፤ ናብዚ ኩነታት ዘብጽሑና ጠንቅታት ይኹኑ ተሓተትቲ ብብኸመይ እዮም ተገምጊሞም ብጉቡእ ከ ተዘትዩሎም ድዩ ዝብል ዋላ ሓንቲ ፍሬ ክንረኽበሎም ኣይከኣልናን። ኣብዚ ኣዋጅ እዚ ኣኼባ ንሓምሻይ ሰልፋዊ ጉባኤ እተሰናድው ሽማግለ ተመሪጻ ከም ዘላ ተገሊጹ። እቲ ሽግር ብኸመይ ደኣ እዩ ተሰጊሩ፤ ብኸመይ እዩ ክትሓዝ ዘሎዎ ብፍላይ ነቲ ናይ ዕርቂ መስርሕ ከ ኣበይ ደረጃ እዩ በጺሑ፤ ንምንታይ እዩ ኸ በቶም ካብ ሕብረተሰብና ዝተቃቐሙ ናይ ዕርቂ ሽማግለ ዝተዋህበ ጸብጻብ ሰልፍና ጉቡእ መልስን ምትሕብባርን ከምዘገበረ ኣብ መጋባእያ ኣብ ጸብጻባቱ ዘስፈረ። ብሓጺሩ እቲ ሰልፊ ኣትዩዎ ዘሎ ደልሃመት ብኸመይ እዩ ተገምጊሙን ብኸመይ ኸኣ እዩ ናብ ጉባኤ ክኣቱ ዝሕሰብ ዘሎ፤ እዞም ጉዳያት ከይተፈትሐ መትከላትና ከይተነጸረ ዝብሉ ዓበይቲ ሕቶታት ጌና ኣይተነጸሩን ዘለዉ። እዞም ሕቶታትን ካልኦትን ከይተመለሱ ብስቕታ ድዮም ክስገሩ ተመሪጹ ዘሎ፤ በዚ ሓደ ሸነኽ ከኣ ብኣንጻሩ ኣብ ጸለመን ኣብ ዘየለ ጠቕነን ክሲ ዘይቀረበሉን ብጭብጢ ዘይተሰነየን ኣብ ልዕሊ ኣባላት መሪሕነት ሰልፊ ዝነበሩ ብተደጋጋሚ ክንሰምዕ ጽኒሕና።

ሕቶና እምበርከስ፤ ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት እቲ ጉባኤ ብኸመይ እዩ ክእቶ ተሓሲቡ ዘሎ ኣዩ። ምስኡ ተወሳኺ እየናይ ኣዩ እቲ ኣውራ ክእለ ዘለዎ፤ እዞም ውድባውን ሕጋውን ጥሕሰታት ዝፈጸሙ ድዮም ወይስ እቶም መትከላዊ ዕላማታት ሰልፊ ዝጠሓሱ ኣካላት እዩ። እዚ ብንጹር ብሓደ ዓይነት መረዳእታ ተሰንዩ ንኹሉ ኣባል ሰልፊ ክበጽሕ ዘለዎ ሕቶ እዩ። ተመጣጢርካ ናብ ጉባኤ ምእታው እንታይ ክሕፈስ ስለ ዝተደለየ እዩ። ንምጥቕላል እዞም ዓበይቲ ሕቶታት ብመልእኽቲ ደረጃ ናብ ኣቦ-ወንበር ሰልፍን ኣቦ-ወንበር ማእከላይ ሽማግለን ንኣባልት ማእከላይ መሪሕነትን ብዝይዳ ኸኣ ንኹሎም መሰረታትናን ክንጸረሎም ከምዘሎዎ ንምቕራብ እዩ።

እዚ መሪሕነት እቲ ዝሃብናዮ እምነትን ሕድርን ነዚ ሰልፊ ብብቕዓት ክመርሖ ኢና ንጽበ ዝነበርና፤ ሕጂ'ውን ተስፋ ከይቆረጽና ንጽበ ስለዘሎና፤ ጠንቂ ናይቲ ጸገማት ተፈቲሑ ኣብ ሕድነት ናይ ሰልፍና ምድሃብ እቲ ቀንዲ ሓላፍነት ናይ ኩላትና ሙኻኑ ኣሚንና ጉዕዞና ናብ ምዕሩይ ቃልሲ ነሰጋግሮ።